# ጋዜጣዊ መግለጺ

ምስረታ ሓይሊ ዕማም ጥዕና ኤርትራውያን ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን

ንለበዳ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ግብረ መልሲ ንምሃብ ሓይሊ ዕማም ሓድነት ባይቶ ኤርትራውያን ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን ኣብ ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን ንዝነብሩ ኤርትራውያን ሰብ ሞያ ጥዕና ተወኪሱ፣ እቲ ዝተረኽበ ግብረመልሲ ድማ ቅልጡፍ ጥራይ ዘይኮነ ኣዝዩ ብዙሕ እውን ነይሩ።

ከም ኤርትራውያን፣ ህዝብና ግዳያት እዚ ብተዛማዲ ሓድሽ ኮይኑ ንመላእ ዓላም ዘናውጽ ዘሎ ቫይረስ ንኸይኮኑ ሰብ ሞያ ጥዕናና ናብ ቅድመ ግንባር መጺኦም ካብኣቶም ዝደለ ሓገዝ ከበርክቱ ድሉዋት ብምኳኖም ኩላትና ኩርዓትን ሓይልን ተሰሚዑና።

እዚ መጀመሪያ ኣብ ቻይና ተራእዩ ተባሂሉ ዝዝረበሉ ቫይረስ ኣብ ኣመሪካ ሓዊስካ ኣብ መላእ ዓለም ከም ነበልባል ኣብ ምዝርጋሕ ይርከብ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ዓለምለኻውነት (ግሎባላይዜሽን) ንጉድኣትና ዝሰርሕ ዘሎ ይመስል፣ ናብ ገዛና ስለ ዝመጸ ድማ በቲ ቫይረስ ከይንጥቃዕን ግዳይ ዘይእዋናዊ ሞት ከይንኸውንን ገለ ክግበር ኣለዎ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እዩ ሓይሊ ዕማም ኤርትራውያን ሰብ ሞያ ሕክምና ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን ኣብ 20 መጋቢት 2020 ህዝብና ብዝርደኦም ቋንቋታት እዋናውን ቅኑዕን ሓበሬታ ብምሃብ ነዚ ዘሎ ብደሆ ንምምካት ብዕሊ ዝተመስረተ። ሓይሊ ዕማም ኤርትራውያን ሰብ ሞያ ሕክምና ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን ኣብ ሰለስተ ንኡስ-ኮሚቴታት ነብሱ ወዲቡ ይርከብ፣ እዚኣተን ድማ ኮሚቴ ሕክምና፣ ኪሚቴ ማሕበራውን ማሕበረሰባውን ኣውትሪች፣ ከምኡ ድማ ኮሚቴ መራኸቢታት እየን፣ ብምሉእ ድምጺ ድማ መራሕቲ ኮሚቴታት መሪጹ። ሓይሊ ዕማም ጥዕና፣ ንህዝብና ብዝሓሸ ክንረኽበሎም እንኽእለሉ መንገዲታት ኣብ ምንዳይ ክትሰርሕ እያ፣ ንኤርትራውያን ማሕበረሰብ ኣፍልጡ ንምድላብ፣ ንምስትምሃር፣ ንምድጋፍን ተሓላቒ ንምኳንን ዘኽእል ውጥን ስጉምትታት ከተዳሉ እያ።

እዚ ሓላፍነታውን እዋናውን ግብረመልሲ ሰብ ሞያ ጥዕናና ኣብ ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን ጥራይ ዘይኮነ ንኹሎም ኤርትራውያን ከጠቅም እዩ።

ሓይሊ ዕማም ሓድነት ባይቶ ኤርትራውያን ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን ነዚ ዕድል እዚ ብምጥቃም ንኹሎም ኣብ ጉኒ ህዝቦም ኮይኖም ሂወት ኣብ ምድሓን ካብኣቶም ዝደለ ዘበለ ንኽገብሩ ብወለንታ ንዝተላዕሉ ኩሎም ሰብ ሞያ ጥዕና እንዳመስገነት ንኻልኦት ሰብ ሞያ ጥዕና፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት (ሶሻል ወርከርስ) ከምኡ ድማ ክእለት መራኸቢታት ዘለኩም ንኤርትራዊ ማሕበረሰብ ንምሕጋዝ ኣብዘን ዝተፈላለያ ኮሚቴታት ክጽንበሩ ትጽውዕ።

ሓይሊ ዕማም ሓድነት ባይቶ ኤርትራውያን ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን፣ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዝድለየሉ እዋን ንህዝቦም ንምሕጋዝ ድሉዋት ዝኾኑ ሓየት ውሉድ ከም ዘለውዋ ተገንዚቡ ኣሎ፣ ንኻልኦት ናይ ማሕበረሰብና ድልየታት ንምምላእ ካልኦት ሰብ ሞያ ኣብ ምውዳብ ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክውሰድ እዩ። ኣብ ኩሉ ሞያታት ሙሉእ ዝድለ ሃብቲ ኣለና፣ እቲ እንኮ ዘድልየና ሓድነትን ከም በዓል ኣብ መስርሕ ምምስራት ዘሎ ባይቶ ኤርትራውያን ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዝኣመሰለ ድልዱል ትካላትን እዩ!

ምሉእ ጥዕና ንሕብረተሰብናን ንኹሉ ወዲ ሰብን!

ሓይሊ ዕማም ሓድነት ባይቶ ኤርትራውያን ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን
20 መጋቢት 2020